# ጥኑሳት ሰራሕተኛታትን ሓደሽቲ ወለድን

## ጥንሲ ኣብ ስራሕ

ጥንስቲ እንተኾይንኪ፣ እዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ናይ ዶክተር መዘኻኸሪከየቕረብኪ ናይ ምሕታት መሰል ኣለኪ። መስሪሕኹም እዞም ዝስዕቡ ከቕርብ ኣለዎ፡-

- ዝበለፀ ተደጋጋምን ነዊሕ ናይ ሽቓቕ፣ መግብን ማይን ዕረፍትታት፤
- ኮፍ መበሊ፤ ከምኡውን
- ልዕሊ 20 ፓውንድ ኣብ ምልዓል ዝተቐመጡ ገደባት።

ካልእ ናይ ስራሕ ቦታ ናይ ምሕታት መሰል ኣለኪ
ማዕዳ እንትትወሃቡ ካብ ሀ ዝግበሩ ለውጥታት
መቕረቢ ክንክን ጥዕና ወይድማ መዋለዲት። መስሪሕኹም እቲ ናይ ስራሕኹም ኹነታት ንክተስተኻኽሉ ክሓትት ኣይኽእልን።
ጥንስቲ ስለዝኾንኪ።

## ካብስራሕዝወሃብ ናይ ጥንሲ ወይ ናይ ወላዲ ዕረፍቲ

Minnesota's Paid Leave program ንመብዛሕትኦን ሰራሕተኛታት ኣብ እዋን ጥንሲ፣ ድሕሪ ቆልዓ ምውላድ ወይድማ ምስቲ ቆልዓ ንምቅርራብ ዝኽፈሎ ዕረፍትን ናይ ስራሕ ሓለዋን የቕርብ፣

ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም ን፡-

- ምስ ጥንሲ-ዝተተሓሓዙ ናይ ጥዕና ጠለባት፡-
- ቆልዓ ምውላድ ከምኡውን ሕውየት፤
- ናይ ምቅርራብ ግዘ ከም ዝወለደ ወይድማ ዘይወለደ ወላዲ፤ ከምኡውን
- ምቅርራብ ድሕሪ ምድብ ሞግዚትነት ወይድማ ሓላውነት

ብቑዕ እንተኾይንኩም፣ ክሳዕ 12 ሰሙናት ንናይ ዓርስኹም ክንክን ከምኡውን 12 ሰሙናት ንምቅርራብ፣ ብጣምራ ድምር ክሳብ 20 ሰሙናት ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም ናይ ምቅርራብ ዕረፍቲ ቆልዓ ካብ ዝተወለደሉ፣ ናይ ሞግዚትነት ወይድማ ናይ ሓላውነት ምድብ ጀሚሩ ኣብ ዘለው 12 ኣዋርሕ ውሽጢ ክትጥቀሙሉ ይግባእ። ካብቲ ስቴት ኣብ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ከለኹም፣ ናይቲ ስሩዕ ክፍሊትኩም ክፋል ክትቕበሉ ኢኹም።

ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ምስ ናይ ፌዴራል ናይ ስድራን ሕክምናን ናይ ዕረፍቲ ሕጊ (FMLA) ሓለዋታት ክድረብ ይኽእል እዩ። ንዝኽፈሎ ዕረፍቲ ወይድማ FMLAብቑዕ እንተዘይኮይኖምሕጊ ሚኒሶታ ሕዚውን 12ሰሙናት ዝተሓለወ-ስራሕ ዘይኽፈሎ ናይ ወላድነት ዕረፍቲ የቕርብ። እዚ ዕረፍቲ ናይ ስደት ኹነታትኹም ብዘየገድስ፣ ክንደይግዘ ንመስርሒኩም ከምዝሰራሕኩምን ወይድማ መጠን ናይ መስርሒኩምብዘየገድስ ምርካብ ይከኣል እዩ።



ብዛዕባ ብቑዕነትብኸመይ ከምእተመልክቱን ናይ መስርሒ ረቛሕታትን ኣብ paidleave.mn.gov.ሓበሬታ ይርከቡ

## ኣብ ስራሕ ፀባ ምሕላብ

ኣብ ስራሕ ፀባኺ ክትሓልቢ እንተወሲንኪ
እቲ መስሪሕኪ፣
መጠኑ ብዘየገድስ፣ ነዚ ዝስዕብ ከቕርብ ኣለዎ፡-

- መሃያኺ ከይሰኣንኪ ፀባ እትሓልብሉ ናይ ዕረፍቲ ግዘ ከምኡውን
- ፅሩይ፣ ውልቃውን ውሑስን ፀባ ዝሕለበሉ ቦታ እዚ፡-
  - መሕፀቢ ክፍሊ ዘይኮነ፣
  - ካብ ምርኢት ዝተኸወለ፣
  - ካብ ናይ መሳርሕትኽን ካብ ናይ ህዝብን ጣልቃ ምትእትታው ናፃ ዝኾነ፣
  - ናብ ናይ ስራሕ ቦታ ቐረባ ዝኾነ ከምኡውን፣
  - ናይ ኤሌክትሪክ ሶኬት ክርከበሉ ዝኽእል።

ኣብዚ ረቛሒ ዝተወሰኑ ገደባት ክህልው ይኽእሉ እዮም።

ፀባ እትሓልብሉ ግዘ ብመሰረት ናትኪ ድሌት፣ እዚ ማለት ፀባ ምሕላብ ኣብ እዋን ዘሎ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ፣ ከም ናይ ኣእምሮ ዕረፍቲ ወይድማ ካልእ ግዘ ዘሎ ዘይኽፈሎ ዕረፍቲ።

መስርሒኹም ሕነ ክፈዲ ምስ ሕጊ ዝፃረር እዩ፣
ወይድማ ነዞም ዝስዕቡ ስለዝሓተትኩም ኣንፃርኩም ኣሉታዊ ስጉምቲ ክወስድ ዕረፍቲ ንምውሳድ፣ ናይ ጥንሲ ክፍሊት ወይድማ ዕረፍቲኣብ ስራሕ ቦታ ፀባ ንምሕላብ።

## ንዓና ርኸቡና

Labor Standards ብ 651-284-5075 ወይድማ dli.laborstandards@state.mn.us. ርኸቡና

DEPARTMENT OF LABOR AND INDUSTRY

Labor Standards • 443 Lafayette Road N. • St. Paul, MN 55155
651-284-5075 • dli.mn.gov • dli.laborstandards@state.mn.us

ምልክታ፡- እዚ ናይ ሕጊ ሚኒሶታ ሓፂር መጠቓለሊ እዩ። እዚ ከም መምርሒ ዝተሓሰበ እዩ ከምኡውን ከም ምስ ሕግታትሚኒሶታ ንዝተተሓሓዙ ከም መተካእታ ኣይቑፀርን።